*CORONA* VIRUS COVID19*(ኮሮና ቫይሩስ ኮቪድ 19)*

*እንታይ ዝዓይነቱ ደም መርመራ ንገብር?*

ካብ አጻብዕትና ብመርፍእ ብምውጋእ ዝወጽእ ደም ወይ ድማ ካብ ስራውር ናይ ኩርናዕ ኢድና ደም ብምውሳድ።

*እዚ መርመራ ንምንታይ ይግበር?*

ብቫይረስ ኮቪድ19(Covid-19)ተለኺፍናን ዘይተለኽፍናን ምዃና ንምፍላጥ።

*እዚ መርመራ እንታይ ዓይነት ሓበሬታ ይህበና?*

ሰዉነትና ብCovid-19ተለኺፉ እንተኾይኑን ነቲ ቫይረስ ክከላኸል ኢሉ ዘፍረዮ ጸረ ኳና ኣካል ኣብ ደምና እንተሃሊዩን ንምፍላጥ።

ነጻ ካብ ሕማም ዝብል መልሲ እንተመጽዩና(negativo)?

ሕማም ለበዳ ኣይተለኽፍናን ማለት እዩ።ስለዚ ብCovid-19 ዝመጽእ ሕማም ክይሕዘና ናይ መከላኸሊ መምርሒ እንዳተኸተልና ንጥንቀቅ።

*ካብቲ ሕማም ነጻ ዘይምዃና ወይ ኣብ ጥርጥር ዝብል(positivo o dubbio) መልሲ እንተመጸና እንታይ ንገብር?*

ካልኣይ መርመራ ክንገብር ንግደድ። ክሳብ መልሲ ናይቲ መርመራ ዝመጸና ንኻልኦት ለበዳ ንኸይንኽውን ኣብ ገዛና ንውሸብ ከምኡውን ነቲ ናይ ገዛ ምዉሻብ መምሪሒ ሕበሬታ ንኽተል ምሳና ንዝነብሩ ሰባት ንኸይንልብድ ንጥንቀቅ።

እቲ ካልአይ መርመራ ታምፖነ(Tampone) ይበሃል

ኣገባብ ናይዚ መርመራ እዚ ዝስዕብ ኢዩ

ብሓንቲ ቀጣን በትሪ መሰል ብሓደ ጫፉ ጡጥ ዘለዋ ካብ ጎሮሮናን ኣፍንጫናን ንመርመራ ዝኸውን ፈሳሲ ይውሰድ።

እዚ መርመራ እቲ ቫይረስ ኮቪድ19 ኣብ ሰውነትና ምህላውን ዘይምህላውን የረጋግጽ።

መልሲ ታምፖነ ካብቲ ሒማም ነጻ ዘይምዃና(positivo) እንተሓቢሩና ኢንታይ ክንገብር ኣሎና?

እቲ ቫይረስ ኮቪድ-19 ገና ኣብ ሰውነትና ስለ ዘሎ ክንውሸብ ንግደድ።

ንበይንና ንነብር እንተኽኢና ኣብ ገዛና ንውሸብ ምስ ካልኦት ብሓባር ንነብር እንተኼና ገዛና ገዲፍና ኣብቲ ብሕክምና ዝተመደበ መወሸቢ ሆቴል ከድና ንዉሸብ።

ኣብ መዕቖብ ስደተኛታት ዝርከቡ ሰብ ሞያ ብዛዕባ ስርዕተ መርመራ ኮቪድን ናይ ሐኪም ጻዊዒትን ከማኡውን ኣገባብ ውሸባ ዝምልከት ሙሉእ ሐበረታ ስለዘለዎም ክተሓባበሩኹም ኢዮም። ንስኹም እውን ንዓታቶም ተወከሱ።